ንማእሰርቲ ብቕልጡፍ ይፈረዶ ።

፳፯ ፡ ፳፰ - ንታ ኣብ የሩሳሌም ዘላ ቤት እግዚኣብሄር ኬኽብር ኢሉ ኸምዚ ዝበለ ነገር ኣብ ልቢ ንጉስ ዝገበረ ፡ ንኣይ ድማ ኣብ ቅድሚ ንጉስን መማኽርቱን ኣብ ኵላቶም ሓያላት ሓላቑ ንጉስን ምሕረት ዝገበረለይ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ኣቦታትና ይመስገን ። ኣነ ኸኣ በታ ኣብ ልዕለይ ዘላ ኢድ እግዚኣብሄር ኣምላኸይ በርታዕኩ ፡ ካብ እስራኤል ድማ ምሳይ ኪድይቡ ሓላቑ ኣኪብኩ ።

## ፰ይ ምዕራፍ ።

፩ - እቶም ዋናታት ማይ ቤት ኣቦታት እዚኣቶም እዮም ፡ እቶም ብመንግስቲ ንጉስ ኣርታሕሻስታ ኻብ ባቢሎን ምሳይ ዝደየቡ ኸኣ መጽሓፍ ወለዶኦም እዚ እዩ ፡ ፪ - ካብ ደቂ ፊንሃስ ፡ ጌርሾም ፡ ካብ ደቂ ኢታማር ፡ ዳንኤል ፡ ካብ ደቂ ዳዊት ፡ ሓጡሽ ። ፫ - ካብ ደቂ ሸካንያ ፡ ካብ ደቂ ፈርዖሽ ፡ ዘካርያስ ፡ ክምቲ ጽሕፈት ወለዶኦም ከኣ ምስኡ ሚእትን ሓምሳን ተባዕታይ ተቘጽሩ ። ፬ - ካብ ደቂ ጳሓት - ሞኣብ ፡ ኤልዮዔናይ ወዲ ዘራሕያ ፡ ምስኡ ድማ ክልተ ሚእቲ ተባዕታይ ። ፭ - ካብ ደቂ ሸካንያ ፡ ወዲ ያሓዚኤል ፡ ምስኡ ኸኣ ሰለስተ ሚእቲ ተባዕታይ ። ፮ - ካብ ደቂ ዓዲን ድማ ፡ ዔቤድ ወዲ ዮናታን ፡ ምስኡውን ሓምሳ ተባዕታይ ። ፯ - ካብ ደቂ ዔላም ከኣ ፡ የሻዕያ ወዲ ዓታልያ ፡ ምስኡውን ሰብዓ ተባዕታይ ። ፰ - ካብ ደቂ ሸፋጥያ ድማ ፡ ዘባድያ ወዲ ሚካኤል ፡ ምስኡውን ሰማንያ ተባዕታይ ። ፱ - ካብ ደቂ ዮኣብ ፡ ዖባድያ ወዲ የሒኤል ፡ ምስኡ ድማ ክልተ ሚእትን ዓሰርተው ሾሞንተን ተባዕታይ ። ፲ - ካብ ደቂ ሸሎሚት ከኣ ፡ ወዲ ዮሲፍያ ፡ ምስኡ ድማ ሚእትን ስሳን ተባዕታይ ። ፲፩ - ካብ ደቂ ቤባይ ከኣ ፡ ዘካርያስ ወዲ ቤባይ ፡ ምስኡውን ዕስራን ሾሞንተን ተባዕታይ ። ፲፪ - ካብ ደቂ ዓዝጋድ ድማ ፡ ዮሓናን ወዲ ሃቃጣን ፡ ምስኡውን ሚእትን ዓሰርተን ተባዕታይ ። ፲፫ - ካብ ደቂ ኣዶኒቃም ድማ እቶም ዳሕሮት ስሞም እዚ እዩ ፡ ኤሊፈለጥን የዒኤልን ሸማዕያን ፡ ምሳታቶምውን ስሳ ተባዕታይ ። ፲፬ - ካብ ደቂ ቢግዋይ ከኣ ፡ ዑታይን ዘቡድን ፡ ምሳታቶምውን ሰብዓ ተባዕታይ ።

፲፭ - ናብ ኣሃዋ ኣቢሉ ናብ ዚውሕዝ ርባ ድማ ኣኪብክዎም ። ኣብኡ ሰለስተ መዓልቲ ገበርና ። ኣብ ህዝብን ኣብ ካህናትን ድማ ደሌኹ እሞ ኣብኡ ኻብ ደቂ ሌዊ ሓደ እኳ ኣይረኸብኩን ። ፲፮ - ሽዑ ነቶም ሓላቑ ፡ ን ኤሊዔዝር ፡ ንኣሪኤል ፡ ንሸማዕያ ፡ ንኤልናታንን ንያሪብን ንኤልናታንን ንናታንን ንዘካርያስን ንመሹላምን ፡ ነቶም መምህራን ከኣ ፡ ንዮያሪብን ንኤልናታንን ጸዋዕኩ ። ፲፯ - ናብቲ ኣብ በታ ካሲፍያ ሓለቓ ዝነበረ ፡ ናብ ኢዶ ሰደድክዎም ። እቲ ነቶም ኣብ በታ ካሲፍያ ዝነበሩ ኢዶን ኣሕዋቱ ነቲኒምን ንቤት ኣምላኽና ኣገልገልቲ ምእንቲ ኺሰዱልና ኸኣ ፡ ኪዛረብዎም ዚግብኦም ቃላት ኣብ ኣፎም ኣንበርኩ ። ፲፰ - ከምታ ኣብ ልዕሌና ዝነበረት ሕያወይቲ ኢድ ኣምላኽና ኸኣ ፡ ካብ ደቂ ማሕሊ ኣዝዩ ብልሂ ዝነበረ ሰብኣይ ፡ ወዲ ሌዊ ፡ ወዲ እስራኤል ፡ ሸረብያ ድማ ምስ ደቁን ኣሕዋቱን ዓሰርተው ሾሞንተ ኣምጽኡልና ። ፲፱ - ሓሸብያ ፡ ምስኡ ድማ የሻዕያ ኻብ ደቂ መራሪ ምስ ኣሕዋቱን ደቆምን ዕስራ ። ፳ - ካብ ነቲኒም ድማ ዳዊትን ሓላቑን ንሌዋውያን ኬገልግሉ ዘመዘዝዎም ክልተ ሚእትን ዕስራን ነቲኒም ፡ ነዚኣቶም ኵላቶም በብስሞም እተጸውዑ ሰደዱልና ። ፳፩ - ኣነ ድማ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ኣምላኽና ርእስና ኽንዋርድ ፡ ንኣናን ንሕጻናትናን ንኵሉ ጥሪትናን ቅንዕቲ መገዲ ኻብኡ ኽንልምን ኢለ ፡ ኣብ ርባ ኣሃዋ ጾም ኣወጅኩ ። ፳፪ - ንንጉስ ፡ ኢድ እግዚኣብሄር ኣምላኽና ፡ ንዚደልይዎ ኹላቶም ንጽቡቕ ፡ ስልጣኑን ቍጥዑን ግና ኣብ ልዕሊ እቶም ዚሐድግዎ ኹላቶም ከም ዝኾነት ኢልናዮ ነበርና እሞ ፡ ስለዚ ኣብ መገዲ ኻብ ጸላእቲ ኼድሕኑና ፡ ጭፍራን ፈረሰኛታትን ምልማን ሐንኸኹ ። ፳፫ - ብዛዕባ እዚ ኸኣ ጾምና ኣብ ኣምላኽና ጸሌናን ፡ ንሱ ድማ ሰምዓና ።

፳፬ - ካብ ሊቃነ ኻህናት ከኣ ዓሰርተው ክልተ ፡ ሸረብያን ሓሸብያን ፡ ምሳታቶም ድማ ካብ ኣሕዋቶም ዓሰርተ ፈሌኹ ። ፳፭ - እቲ ንጉስን መማኽርቱን ሓላቑኡን ፡ እቶም ካብ እስራኤል እተረኽቡ ኹላቶምን ንቤት ኣምላኽና ዝቐደስዎ ህያቦም ብሩርን ወርቅን ኣቓሑን መዘንኩሎም ። ፳፮ ፡ ፳፯ - ሹድሽተ ሚእትን ሓምሳን ታለንት ብሩር ፡ ኣቓሑ ብሩር ድማ ሚእቲ ታለንት ፡ ወርቂ ሚእቲ ታለንት ፡ ዕስራ ጽዋእ ወርቂ ኸኣ ሽሕ ዳሪክ እተመዝነ ፡ ክልተ ጭሔሎ ድማ ከም ወርቂ ዝምኽባሩ ኻብ ጽሩይ ዜንጸባርቕ ኣስራዚ እተሰርሐ ኣቓሑ መዚኑ ኣብ ኢዶም ሁብክዎም ። ፳፰ - ንኣታቶም ድማ ፡ ንስኻትኩም ንእግዚኣብሄር እተ